# መግለጺ ናይ ሓባር ስምምዕ ኣብ መንጎ

1. ውድብ ሓድነት ኤርትራውያንን (ውሓኤ)
2. መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን (መግሃድኤ)

ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን እቲ ህዝብና ዝሓልፎ ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ዳርጋ ዘይፈልጥ የለን እንተተባህለ ምግናን ኣይኩነን። ኣብ ክንዲ ንገባቲ ስርዓት ዝጠመተ ቃልሲ ዝግበር፣ ናብ ደምበ ፍትሒ ውሽጣዊ ቃልሲ ዝያዳ ጕሊሁ ይርአ ኣሎ። ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣመልኪቶም ውድብ ሓድነት ኤርትራውያንን (ውሓኤ) መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን (መግሃድኤ) ብሓባር ንኽሰርሑ ዝዓለመ ካብ ዕለት 26 የካቲት 2023 ጀሚሮም ብርክት ዝበሉ ኣኼባታት ከካይዱ ጸኒሖም። ኣብ ኩሉ ህዝብና ዝሕልፎ ዘሎ ከርፋሕ ናብራ ኣብ ተመሳሳሊ መረዳእታታትን ገምጋማትን ክንበጽሕ ክኢልና ኣሎና።

ብምኳኑ፣ ሎሚ ዕለት 25-03-2023 ኣብ እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ መዳያት ናይ ቃልሲ ማለት ኣብ፦

ሀ. ህዝባዊ ምልዕዓል፣

ለ. ዜናን ሓበረታን፣

ሐ. ዲፕሎማስን፣

ብሓባር ክንሰርሕ ኣብ ስምምዕ በጺሕና ኣለና። ንኣፈጻጽምኡም ብዝምልከት ብቀጻሊ ናይ ሓባር መደብ ብምውጻእ ክሰርሑ መደብ ተሰሪዑሎም ኣሎ።

ነዚ ስራሕ'ዚ ክሳለጥን ክዕወትን ህዝብና ዝሓልፎ ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ዘለለየን ንህዝብና መስተርሆት፣ ንልዕላውነት ሃገርና ድማ ድሕሪ'ዚ ኩሉ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ንከይትድፈር ዝብህጉን ንለውጢ ዝቃለሱን ዲሞክራስያውያን ሓይልታት፣ ንዘለዎም ሓባራዊ ራኢይ ብምቅርራብ፣ ናብ ተግባራዊ ስራሕ ንኽሰጋገሩ ምሕጽንታና ብትሕትና ከነቕርብ ንደሊ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!!!

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና!!!

ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን

መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

25 መጋቢት 2023